**ገለ ደርፍታት ንባህልናን ታሪኽ ሕብረተሰብናን ታሪኽ ሰውራና ዝብርዙ ይቀላቐሉ ኣለዉ።**

ካብ ዘሎኒ ስክፍታ ተበጊሰ ብዛዕባ ኣብ ሃገርና ዝፈርዩ ዘለዉ ገለ ደርፍታትን ድራማታትን ብኣግኡ ክግትኡ እንተዘይኪኢሎም ነዚ ነዞም ብባህሎም ተኾስኲሶም ክህነጹ እንደልዮም ንኡስ ዎሎዶ ከጋግዩዎ እዮም። ባህላዊ ጉዳያት ሃገር ብጥብቅን ግዜ ከይወሰደ ቆላሕታ ጌሩ መግትኢ ክገብረሉ እንተ ዘይኪኢሉ ኣብ ልዕሊ መንእሰያትና ከሕድሮ ዝኽእል ኣሉታዊ ሳዕቤን ኣዝዩ ኣሸጋሪ ከምዝኸውን ኩልና ንርድኦ ኮይኑ ይስምዓኒ። ንሕና ኤርትራውያን ኣብ ትሸዓኤን ብሄራትና ዘሎ ባህሊን ልምድን ክሳብ ሕጂ ዘይተበረዘ፡ ክብረትን ፍቕርን ዝምህር፡ ትሕትናን ስነስርዓትን ዝነግር ኮይኑ'ዩ ዘኒሑ ዘሎ። ሕጂ ግን ብዙሓት ነዚ ዝተጠቕሰ ዝግህሱን ዘይናትና ጥራሕ ዘይኮኑ ብቐንዶም መቦቆሎም ዘይፍለጡ ይበዝሑ ኣለዉ። ብኻልእ ወገን ድማ ባህሊ ናይቶም ንኽጥፍኡና ንዓመታት ዝተቓለሱና ፋሽን (fashion) ተባሂሉ ከም መግለጺ ስልጣኔ ተራእዩ ዝውሰድ ዘሎ ግጉይ ቅድታት ነቲ ንመዋእል ዝዓቀብናዮን ከይብረዝ ሂወት ኣሸሓት ዝተኸፍሎ ባህልናን ልምድናን ዘይመልክዑ ሂቦም መእቶው ገንዘብ ዝገብሩዎ ዘለዉ ጽባሕ ንጉሆ እንታይ ከምዝወልድ ምንጋር ወይ ምትርጓም ዘድልዮ ኣይኮነን።

**ደርፍታት፡** ቀደም ማለት ቅድሚ ብረታዊ ቃልሲ ምጅማሩ ዝድረፉ ዝነበሩ ፡ ጅግንነት ዝገልጹ፣ ሕውነትን ፍቕርን ስነስርዓትን ዝምህሩ፥ ፍቕሪ ሃገር ዘሰርጹ፥ሓይሊ ክህልወካ ዝገብሩ፥ ፋረ ኣንበሳን ቆርበት ነብርን ብስልመ ይኹን ሽራራ መልክዕ ተኸዲኖም ዋልታ ጉራደ ኲናትን ሒዞም ንጸላኢ ከመይ ጌርካ ከምትምክትን ዝኹስኩሱ ብደቂ ተባዕትዮን ደቀኣንስትዮን ኔሮም።

ኣብ ግዜ ገድሊ እንተ መጻእና እቲ ዝድረፍ ዝነበረ ደርፍታት ካብቲ ጥይት ተኹስካ ጸላኢኻ ምቕታል ዘይውሕድ ኣበርክቶ ኔሩዎ። ኩሎም እቶም ናይ ሜዳ ደረፍቲ ደቒ ኣንስትኦምን ደቁ ተባዕትይኦምን ምስ ኩነታትን ግዝየን ዝኸይድ፥ ንሞራልን ሓቦን ተጋደልቲ ዝምግብ፥ ንኹናት ብድፍረት ክትገጥሞን ከም ትዕወተሉን ዘተኣማምኑ፥ ሽግር ሓላፋይ ምኹኑ ዝምህር፡ ንቕሓት ተጋደልት ህዝብን ዘበርኹ፥ ነቲ ናይ ቅድሚኦም ዝነበሩ ስነጥበባውያን ወሪሶም ምስ ኩነታት ኣላቢሶም ዓቢ ግደ ተጻዊቶም።

ኣብዚ ሕጂ ግዜ ዘለዉን ዘለዋን ደረፍቲ ዳርጋ መብዛሕትኦም ድሕሪ ነጻነት ወይ ድማ ኣብ ኣፋፈት ነጸነት ዝተወልዱ እዮም። መብዛሕትኦም ድሓን ኣለዉ ብፍላይ እቶም ኣብ ትሕቲ ባህላዊ ጉዳያት ኮይኖም/ኮይነን ዝሰርሑ እቲ ሃገራዊ ፍቕርን መኸተን ዘሕድር ስራሓት ብጽቡቕ የቕርብዎ ኣለዉ፡ ምስጋና ንተዋሳእትን ደወረፍትን ተተልሃይትን ልዕሊ ኩሉ ነቶም ኣለይቶምን መማህራኖምን ኣሰናዳእትን ሃየስትን። ክምስገኑን ክተባብዑን ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ሓላፍነት እዩ። እቶም ገዳይም ዘጽንሕዎ ክብርታት ናብዞም መንእሰያት ብዝግባእ ከም ዘተሓላልፍሎም ኣይጠራጠርን።

**እቲ ኣሰካፊ ኮይኑ ዘሎ ዝብሎ ዘለኹ፡** ብሽለልትነ ክሕለፍ ዘይብሉ፡ ሓደ ክልተ ዘቕርብዎ ዘለዉ ድራማታትን ዜማታትን(ደርፍታት) ኣዝዩ ካብ ባህልናን ልምድናን ዝወጸ እንክነሱ፡ ሓደ ክልተ ግን ምስ ግዜ ምጉዓዝዩ ዝብል ምኽንያት ክህቡሉ ይስምዑ። ባህልናን ልምድናን ዝብልል ግን

ከኸውን የብሉን። ብፍላይ ኣብ ደቅንስትዮ ዝረኤ ዘሎ። እቶም ሃየስቲ ይኹን ደረስቲ፡ ኣልባሳት መረጽቲ፡ ሜክኣብ መቀናበርቲ፡ ኤርትራዊ ኣተሓሳስባ ንዕቤት ባህልናን ልምድናን ዝርድኡ ክኾኑ ኣለዎም። እተን ኩቡራት ሃገረ ዘኸበራን ቀዳሞት ስነ ጥበባውያን፡ ብድሕሪኤን ዝሰዓባ ናይ ሰውራ ደረፍትን ኣፍልበን ቀሊዔን ኣይኮናን ዝደርፋ ኤረን። መነን'ያ ፍርቂ ጡባ ከፊታ ክትደርፍ ዝተራእየት? ርእየ ዝብል መን ኣሎ። ክዳናን ብኸልተ ጎኑ ዝተኸፍተ ክሳብ ጎልኢን ዝበጽሕ ዝተኸድና ኤረናና ድየን? ጎና (skirt) ልዕሊ ሰለፊን ዝለብሳ ኤረናና ድየን? ኣብቲ ምውዝዋዝ እንተ ተመልኪትና'ውን ናይመንዩ? ስለምንታይ ናትካ ኣብ ክንዲ ምጽባቕን ምኽባር ምልላይን ናይ ኣጋንንቲ ሳዕሲዒት ኣብ ሃገርና ክትኣታቶ ስቕ ኢልካ ይርኤ? ኣዚ ብቕዳምነት ተሰሪዑ ስጉምቲ እንተዘይተወሲዱሉ፡ እቶም ካልኦት ብዕሉጋት ነገራት ማለት ከም ግብረሶዶም፡ ተመሳሳሊ ጾታ መርዓ፡ ጥርሔ ክኸይድ መሰለዩ ዝብሉ ኣተሓሳስባታት፡ ክሕደት ሃይማኖት፡ ፍኑው ጾታዊ ተግባራት፡ ምንዝራና ኣብ ነብሰይ መን ይእውደኒ፡ ብሓፈሽኡ ነቲ ግስሩጥ ምዕራባዊ ባህሊ ምንጋስ፡ ንባህልካን ልምድኻን ምድምሳስ ስለ ዘስዕብ ዓገብ ክበሃል ክኽእል ኣለዎ።

<u>ብዛዕባ ኣለባብሳ፡</u> ኣብ እህጂ ግዜ ንርእዮ ዘሎና ኣለባብሳ ዳርጋ ኣብ ገለገለስ ናይ ደቀንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ሓደዩ ክትፈልዮ ኣይትኽእልን። ባህልን ልምድን ዋንነት ህዝቢዩ ናይ ውልቀሰባት ኣይኮነን። ኣቦታትና ጸረ ባዕዳውያን ክቃለሱ ከለዉ ስለ ዝጸልእዎም ኣይኮኑን። እኳድኣ ባህልና ይኹን ሃይማኖትና ምስ ሰብ ጥራሕ ዘይኮነ ምስ ኩሉ ፍጡር ተሳኒኻ ንበር እዩ ዝብል። ካብ ተመን ዝኸፍእ መርዛም የለን። ኣቦታትና ኣይትቕተሎ ተኣሊኻ ኣሕልፎ'ዮም ዝብሉ። ህዝብና ክሳብ ክንድዚ ፈቃር'ዩ። ነቶም ሰብ መሰል ግብሮም ኣርዮስ ዝኾኑ ኣሜርካውያን ብሓይሊ ጸኒዕና ተቓሊስናዮም ተዓዊትና። ሞጉትናዮም ሲዒርና። ባህልናን ልምድናን ክብርዙ ዓመታት ተጻቢኦምና ቀቢጾም፡ ሎሚ ግን እቲ ዘይንደልዮ ነገራት በካዳድናን ትልሂታትን ይተኣታቶ ኣሎ። ዘመናዊ ኣለባባሳ ኣይሃሉ ማለተይ ኣይኮነን። ንምንዝርና ዝዕድም። ንወዶም ጓሎም ደቅታውትና ዘጋጊ ክኸውን የብሉ በሃላይ እየ። ፍርቂ ጡባ ዝርኤ ጉላንስተይቲ፡ ስርኡ ምስ ነብሱ ከም ብኾላ ዝተጣበቐ ወዲ ይኹን ጓል ንዘይተደለ ጾታዊ ዓመጽ እዩ ዝዕድም። ንቶም ብትሕቲኦም ዘለዉ ኩፉእ ይምህር። ህዝቢ ኤርትራ ክቃለስ ከሎ ንኹሎም ክብርታት ሕብረተሰ ሓራ ንምግባር ድኣምበር ጸላኢ ሲዒርካ ከምድላይካ ተሸናዳሕ ማለት ኣይኮነን። ከምቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስኩዎ ባህልን ልምድን ናይ ሓንቲ ሃገር ዋንነት ድኣምበር ናይ ውልቕካ ኣይኮነን። ናይ ሃገር እዩ። ካብኡ ዝወጽእ ብሕጊ ሃይማኖትን ሕጊ መንግስትን ጉቡእ ስጉምቲ ይውሰደሉ። ንሕና ኣካዳድናና ኣጻዋውታና ኣበላልዓና፡ ኣዛራርባና ቋንቋና--- ወዘተ ምስ ዓለም ከነላልዮ ድኣንበር፡ ናቶም ኣምጺእና ከነላልየሎም የብልናን።

ንሕና ሃገር ኢና፡ ህዝቢ ኢና፡ ባህልና ኣሎና፡ ልምድና ኣሎ፡ ቋንቋ ኣሎና፡ እዚ ኩሉ ካብ ቀዳሞት ዝወረስናዮ፡ ንዝመጽኡ እነውርሶ ስለ ዝኾነ ደቅና ብፍላይ ኣብ ቋንቁኦም ምፍላጥን ባህሎም ምውራስን ክንሕለል የብልናን። እቶም ኣብ ደገ ኮንኩም ምስ መንግስቲ ተኺርየ ኢልኩም ሓኪልኩም ደቅታውትኹም ጽልኢ ሃገርን መንግስትን ከም ዝሓድሮም ትገብሩ ዘለኹም ናይ

ስቓይ ዕዳ ኢኹም ተውርሱዎም ዘለኹም። ዘሕትትን መልሱ ጓሂ ዘሕድር ምኺኑ ተረዲእኩም ኣብ ነብሱኹም ተመለሱ ደቅኹም ኣይትበድሉ።

**ለበዋ**፡ ብዛዕባ ምዕቃብ ባህልናን ልምድታትናን ብፍላይ ብሓላፍነት ዘይስምዖም ስነ ጥበበኛታት ዝግበር ዘሎ ጌጋ ኣብ ልዕሊ እተን ዘዋስኡወን መንእሰያት ደቀንስትዮ (ድሕሪ ሰለፋ እንታይ ተረፋ ዘብል ስለ ዝኾነ) ቱኽረት ይገበረሉ።ንሕና ግርማና ባህልናን ልምድና እዩ። ዘይግቡእ ኣለባብሳ ንስሕታን ዝዕድም ስለ ዝኾነ ዝምልከቶ ኣካል ቅጽበታዊ ኣድህቦ ክገብረሉ ይላቦ። ሞንስ ነቶም ከይተሓለልኩም ሃገራዊ ባህልና ክዕቀብን ክድንፍዕን ዝሰርሑ ዘለኹም።

ነባሪ ዝኽሪ ንሰማእታትና፡
ዓወት ንሓፋሽ
ገብረንጉስ መስመር፡